ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT

ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን التحالف الديمقراطي الأرتري

ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE

## መልእኽቲ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን

## ናብ ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤ ኤርትራዊ ስምረት ንዲሞክራስያዊ ለውጢ

ዝኸበርኩም መሪሕነትን መሰረታትን ኤስደለ

ዝኸበርኩም ኣባላት ኣሰናዳኢት ሽማግለ ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤ ኤስደለ

ዝኸበርኩም ጉባኤተኛታት ዕዱማት ኣጋይሽን

ብቐዳምነት ኣሰናዳኢት ሽማግለ ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤ ኤ.ስ.ደ.ለ ኣብ ሰሚናርን ውድባዊ ጉባኤን ክንሳተፍ ንዝተገብረልና ዕድመ ነመስግን። ኣብ ሰሚናርኩምን ጉባኤኹምን ክንሳተፍ ድሌት እኳ እንተነበረና ብዛዕባ ከመይነት ዕድመ ኣሰታትፍኡን ኣወዳድብኡን ኣጀንዳታቱን ወዘተ ኣቐዲምና ክበርሁልና እንደልዮም ጉዳያት ምሳኹም ክንርእን ክንላዘብን ክንረኽበኩም ዝገበርናዮ ጻዕርታት ክሰልጥ ኣይከኣለን። ስለ ዝኾነ ከኣ ሓደ ካብቶም ቀንዲ ምሳኹም ክንዘራረበሉ ዝሓሰብናዮ ዛዕባ ኣብ መዛዘሚ ናይ መልእኽትና ጠቒስናዮ ክንሓልፍ ግድን ይኾነና ምህላዉ ኣቐዲምና ክንሕብር ንፈቱ። ካብዚ ብምቕጻል ኣብዚ ንመበል ካልኣይ ግዜኡ ዝጋባእ ዘሎ ውድባዊ ጉባኤኹም ንቃልስና ዘኅልብት ኣገደስቲ ውሳኔታት ሒዙ  ንኽወጽእ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ሰናይ ትምኒትና ንገልጸልኩም።

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ጉባኤተኛታትን ዕዱማት ኣጋይሽን:

ጉባኤኹም ኣብ ዝካየደሉ ዘሎ ወቕቲ ሃገርና ብሰንኪ ጸረ-ህዝቢ ቶታሊታርያዊ ስርዓት ህግደፍ ክኽተሎ ብዝጸንሐን ዘሎን ኣዕናዊ ፖሊሲታት ተኣፋፊ ኩነታት ምህላዋ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ናብ ዝበኣሰ እናንቀልቀለ ናብ ኣዝዩ ሓደገኛ ጥርዙ በጺሑ ህዝብን ሃገርን ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ተሳጢሖም ምህላዎም ናይ ኣደባባይ ምስጢር ምዃኑ ካብ ኩልና ዝተሰወረ ኣይኮነን። ብሰንኪ እዚ ሓደገኛ ክስተት'ዚ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ውሽጡ ምትእምማን ስኢኑ ኣብ ዙርያኡ ንዝርከቡ ላዕለዎት መኮነናት ንገለ ከራጋሕ ንገለ ንግዜኡ መቃነዪ ክኾንዎ ክሓቁፍ ዝሕዞን ዝጭብጦን እናሰኣነ ኣብ ቅልውላው ዝነብር ዘሎ እዩ። በዚ ዝኣክል ማሕበራውን ቁጠባውን ጸጥታውን ኩነታት ህዝብና ናብ ኣዝዩ ዝኸፍኤ ኩነታት ኣብ ዝወደቐሉ ብውሽጢ እናሻዕ ክኽሰቱ ዝጸንሑ ተቓውሞታት ናይ ሰራዊት ድሒሮም ዝቐጸሉ ናይ መራሕቲ ኣብያተ ክርስትያናትን ገዳማትን ኣቡናትን መናኹሳትን ምእዳም ናይ መንእሰያትን ብቐጥታን ብተዘዋዋርን መንገዲ ናይቲ ጭቁን ክፍሊ ሕ/ሰብ ኤርትራ ናይ ሓሳረ-መከራኡን  ምረቱን ሓደ መርኣያ ጽውቕ መግለጺ ተቓውሞታት ምዃኑ ኣሉ ዘይበሃል ሓቂ እዩ።

ካብዚ ሓሊፉ ከኣ እቲ ስደት ከም እንኮ መፍትሒ ናይ ሕሰም መከራኡ መግለጺ ተቓውሞኡ ኮይኑ ዘሎ መንእሰይ ወለዶ ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ እቲ ኩሉ ከጓንፎ ዝጸንሐን ዘሎን ናይ ሞትን መቑሰልትን ማእሰርትን ናይ ደላሎ ሰብ ኢሰብኣዊ ተግባራትን ቅጭጭ ከይበለ ሕጂ እውን ብጻዕቂ ይውሕዝ ምህላዉ ጥራሕ ዘይኮነስ ብዕድመ ዝደፍኡ ወለድን ትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ ህጻናትን ኣሰሮም ይስዕቡ ምህላዎም እቲ ሓደጋ ብርሰት ክሳብ ክንደይ ይዓቢ ምህላዉ ዘተሓሳስብ ምዃኑ እዩ። ጉባኤኹም ኣብ ክሊ ከምዚ ዝኣመሰለ ተኣፋፊ ኩነታት ናይ ሃገርና ይጋባእ ብምህላዉ ነዚ ሓደገኛ ኩነታት'ዚ ንምዕጻፍን ናብ ረብሓ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምልዋጡን ነዚ ክውንነት'ዚ ብግቡእ ገምጊሙ ኣገደስቲ ውሳኔታት ከሕልፍ ልዑል ትጽቢት ይግበረሉ።

***ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ጉባኤተኛታትን ዕዱማት ኣጋይሽን:***

*ህልዊ ኩነታት ሃገርና ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ ምብትታን ሓደጋ ዝተደቀነ ኣብ ዘለወሉ ወቕቲ ደንበ-ተቓውሞ ኤርትራ ምስቲ ኩሉ ወድዓውን ባዕላውን ጸገማት ዘጋጥምዎ ዘለዉ ጽንኩራት ናይዚ መድረኽ ብድሆታት ኣብ እምነቱ ጸኒዑ ንቶታሊታርያዊ ስርዓት ህግደፍ ንምውዳቕ ዝገብሮ ዘሎ ተጋድሎ ብኣወንታ ዝረአ ይኹን ደኣ እምበር ዛጊት ውሽጣዊ ሓድነቱ ኣዕቂቡ ሓያል ወቃዒ ሓይሊ ኮይኑ ክወጽእ ዘይምኽኣሉን ነዚ ዘይምብቅዑን ሕጂ እውን ኣብ ጉዕዞ ቃልስና ነዚ ንምስጋር ተዓጻጻፊ ጻዕርታት ይሓተና ምህላዉ ዘይከሓድ ሓቂ እዩ።*

*ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንዝጸንሕዎ ጸገማት ንምስጋር ዝሰፍሐ ጽላል ደንበ-ተቓውሞ ንምርግጋጽን ህጹጽ ኣኼባ ኣካይዱ ናብ ዕዉት ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ንምብጻሕ ተወጢኖም ዘለዉ መደባቱ ብመንጽር ተሪፉና ዘሎ ሓጺር ናይ ግዜ ኩነታት ኣብ ጸብጻብ ብምእታው ንምዕዋቶም ብሓፈሻ ኩሉ ፖለቲካዊ ሓይሊ ይኹን ሰቪካዊ ማሕበረሰባትን ህዝብን ኣገዳሲ ተራኡ ክጻወት ብፍላይ ከኣ ፖለቲካዊ ሓይልታት ብዘለና ዓቕሚ ሓይሊ ሰብ ንምሕጋዙ ጻዕርታትና ክብ ክነብል ከም ዝግበኣና በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ከየዘኻኸርና ክንሓልፍ ኣይንደልን። ከምኡ እውን ብሰንኪ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ፈቖዱ ኩርናዓት ዓለም ዝሳቐ ዘሎ ስዱድ ህዝብና ማሕበረሰብ ዓለም ክደጋገፎን ልዑል ቀላሕታ ክገብረሉን በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ጻውዒትና ነቕርብ።*

*ኣብ መደምደምታ ክነመሓላልፎ እንደልዮ ዛዕባ መልእኽቲ ምስ ዝህሉ  ኤርትራዊ ስምረት ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ጉባኤኡ ብኣጽንኦት ክግምግሞን መርገጽ ክወስደሉን ዝግባእ ኢልና እንርእዮ ኣገዳሲ ጉዳይ ብዛዕባ ኣመራርሓ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ ብዝምልከት እዩ።*

*ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ ኣብ ባሕቲ መስከረም* 2012 *ኣብ ዘውጸኦ መግለጺኡ ክሳብ ክንደይ ኣብ ደንበ-ተቓውሞ ቅልውላው ከም ዝፈጠረ ኩላትና ሕርሕራይ ጌርና እንዝክሮ ጉዳይ እዩ። በዚ መሰረት ብደረጃ ኪዳን ይኹን ባይቶ ናይ ምድስካል ውሳኔ ከም ዝተወስደ ዝፍለጥ እዩ። እዚ ይኹን ደኣ እምበር ነዚ ጸገም'ዚ ንምስጋርን ብሓባር ንምቅላስን ምእንቲ ክከኣል ኣብ ለካቲት* 2014 *ኣብ ዝተጋበአ መድረኽ ምምኽኻር ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ብሰንክ'ቲ  ብደ.ም.ሓ.ኩ.ኤ ዝወጸ ኣዋጅ ኣብ ደንበ-ተቓውሞ ፖለቲካ ኤርትራ ዝፈጠሮ ቅሉውላው ብኽንደይ ውረድ ደይብ ይቕረታ ክሓትት ተገይሩ ክበቕዕ እንደገና እዚ ስምምዕ'ዚ ቀለሙ ከይነቐጸ እንከሎ ንዕኡ ዝጻረር መግለጺ ብለካቲት* 26-2014 *ብደምዳም መግለጺ* 5*ይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ ኮሚቴኡ ኣቢሉ ከም ዝተቓወሞ ሕርሕራይ ጌርኩም ትፈልጥዎ ኢኹም። እንደገና ነዚ ግጉይ መርገጽ እዚ ንምእራም ሰክርታርያ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ሰፊሕ ጽላል ፖለቲካዊ ሓይልታት ብኣካልን ብጽሑፍን ንኣቦ መንበር ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ ቀርነልዮስ ዑስማን ብተደጋጋሚ ነዚ ጌጋኡ'ዚ ክእርምን ኣብ ስምምዑ ክጸንዕን ተሓቲቱ ዕጭ ሓንፈፍኩ ኢሉ ከም ዘቕበጸን ከም ዝሓንገደን ብእኡ ኣቢሉ ካብቲ ጽላል ነብሱ ከምዘግለለን ዝፍለጥ እዩ። እዚ ከይኣክል ከኣ ዘራጊት ላም እንከላ ጽሩይ ማይ ኣይስተን/ ከም ዝበሃል ኣብ ርእሲ ዘላታ ተወሰኽታ ኮይኑ እቲ ዝቐደመ ኣብ ደንበ ተቓውሞ ዝፈጠሮ ቅልውላው ኣብ ክንዲ ምፍታሕ ዝጽዕት ድሕረይ ሳዕሪ ኣይትብቆላ ዝዓይነቱ ንደምበ-ተቓውሞ ናብ ዝኸፍአ ቅልውላው ዝሸምም ንዝበዝሑ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ብህይወት ዘለዉን ዘየለዉን ስውኣት ገዳይም ሓርበኛታት መራሕቲ ከይተረፈ ዝዘልፍ፡ ህዝቢ ንህዝቢ፡ ዓሌት ንዓሌት ሃይማኖታትን ከጋጩ ሽርሕታትን ግርጭታትን ዝጽሕትር፡ ናይ ቀርነልዮስ ዑስማን ሰፊሕ ቃለ-መጠይቕ ናይ ቀረባ ተዘክሮና እዩ።*

*ንከምዚ ዝኣመሰለ መዕነዊ ኣካይዳታት ከሎ ጌና ብኹልና ኣራሚ መርገጻትን ስጉምትታትን ብኣግኡ እንተዘይተወሲድሉ ኣብ ደንበ-ተቓውሞ ኣብ ርእስቲ ናይ ገዛእ ርእሱ ዝጸንሕዎ ጸገማት ናይ ዘይምትእምማንን ምንጽጻጋትን ክዓምቁ ዝገብር እንተዘይኮይኑ ከፍኩስን ከወግድን ኣይክኣልን። ስለ ዝኾነ ከኣ ኤርትራዊ ስምረት*

ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ውሁድ ህይወት ደንበ-ተቓውሞ ብሓፈሻ ብፍላይ ከኣ ኣባል ናይ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣባል ናይ ፖለቲካዊ ሓይላታት ጽላልን ከም ምዃኑ መጠን ጥዑይ ዝምድናታት ናይዚ ሓይልታት'ዚ ዘገድሰኩም ምዃኑ ብምእማን ጉባኤ ነዚ ኣዕናዊ ተግባራት ናይዚ ውድብዚ ብዕምቆት ክዝትየሉን ኣራሚ መርገጽ ክውሰደሉን ነዘኻኽር።

ንሕና 10 ፖለቲካዊ ውድባት ኤርትራ ኣባላት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ነዚ ብተደጋጋሚ ዝኸሰት ዘሎ ኣዕናዊ መርገጻት መሪሕነት ደ.ም.ሓ.ኩ.ኤ እዚ ኣብ ዘይተኣረመሉ ግዜ ኣብ ሰሚናርኩም ይኹን ጉባኤኹም ንሱ ኣብ ዘለዎ ሓቢርና ኮፍ ክንብልን ክንዝትን ንዝገበርኩምልና ዕድመ ከምቲ ኣብ መእተዊ መልእኽትና ዝገለጽናዮ ኣቐዲምና ምሳኹም ተራኺብና እዚ ጸገም'ዚ ዝውገደሉ መንገድታት ክንርኢ ዝገበርናዮ ፈተነታት ኣብ ዘይሰለጠሉ ህሞት ከይንሳተፍ ዝወሰንናሉ ምኽንያት ቀንዲ እዚ ሓደገኛ ኣካይዳታት ናይዚ ውድብ እዚ ኣብ ዘይተኣረመ ምዃኑ ሓቢርና ምስኡ ዘዘትየና ምኽንያት ኣይህሉን ብዝብል ዝወሰድናዮ ናይ ሓባር መርገጽና ምዃኑ ክንሕብረኩም ንፈቱ።

ካብዚ ሓሊፉ ምሳኹም ከም ውድብ ንምዕዋት ዕማማት ኤሃባደለ ይኹን ኣብ ሓበራዊ ናይ ፖለቲካዊ ሓይልታት ግንባር ሓቢርና ክንሰርሕ ሕጂ እውን ቅሩባት ምህላውና ግን ደጊምና ክነረጋግጸልኩም ንፈቱ። ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤኹም ከኣ ብዓወት ክዛዘም ሕጂ ውን ደጊምና ሰናይ ምንዮትና ክንገልጸልኩም ንፈቱ።

ዓወት ንደሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ!

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን

03 ለካቲት 2015